# Q&A



# እዋናዊ መሐየሊ ኮቪድ-19 (COVID-19) ክወስድ ይግባኣኒዶ?

Public Health
Seattle & King County

Q

## እዋናዊ ዝኾነ ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) መሓየሊታት ዘሎ ስለምንታይ እዩ?

A

ኮሮናቫይረስ ምስ ግዜ ናብ ሓድሽ መልክዓት ይቕየር።

ሓዲሽ ናይ ፋይዘር ወይ ሞደርና መበራትዒ ክታበትታት ወይ'ውን ተደረብቲ መወሰኺታ (bivalent) መበራትዒ ተባሂሎም ዚጽውዑ ናብ ዓሌታት Omicron ቫይረሳትን ናብ'ቶም ናይ መጀመርያ ዓይነት COVID-19ን ዝዓለሙ እዮም።

# እዋናዊ መሐየሊ ኮቪድ-19 (COVID-19)

Q

## እቲ እዋናዊ ዝኾነ ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) መሐየሊ መን እዩ ኽወስዶ ዘለዎ?

A

ካብ ናይ መወዳእታ ዝተወስደ ክታበት እንተ ወሓደ 2 ወርሒ ሓሊፉ እንተ ድኣ ኾይኑ ማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማም (CDC) 1 ሓዲሽ  ተደረብቲ መወሰኺታ (“bivalent”) መበራትዒ ንክወስዱ ዝመክር፡-

- ነፍሲ-ወከፍ ዕድሚኡ 5 ዓመትን ልዕሊኡን
- ነቶም ናይ መጀመርታ ተኸታተልቲ ክታበት ሞደርና ዝወድኡ ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 4 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ (ነቶም ናይ ፋይዘር ክታበት ዝወሰዱ ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 4 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ መበራትዒ ክታበት ክወስዱ ኣይምከርን እዩ)

# እዋናዊ መሐየሊ ኮቪድ-19 (COVID-19)

Q

## ኣብ'ቲ እዋናዊ ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) መሐየሊ እንታይ ዓይነት ቀመማት ኣሎዎ?

A

እቶም እዋናዊ ዝኾኑ ናይ ሞደርናን ፋይዘርን መሐየሊ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) ክታበታት ሓደ ዓይነት ቀመማት ይጥቀሙ፡ እዚ ድማ ሓደ ካብቶም ፕሮቲናት ብምቕያር ንኦሚክሮን ተለዋዋጥቲ መልክዓት ንምንጽጻር እዩ ።

# እዋናዊ መሐየሊ ኮቪድ-19 (COVID-19)

**Q**

## እቲ እዋናዊ ኮቪድ-19 (COVID-19) ዘስዕቦም ጉድናዊ ሳዕቤናት እንታይ እዮም?

**A**

ልክዕ ከም'ቶም ካልኦት ክታበታት፡ ድሕሪ ምኽታብ ናይ ቅልጽም ቃንዛ፡ ረስኒ፡ ሕማም ርእሲ፡ ወይ ድኻም እውን ክስመዓካ ይኽእል እዩ ። እዞም ጉድናዊ ሳዕቤናት ብሓፈሻ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት ይጠፍኡ ።

# እዋናዊ መሐየሊ ኮቪድ-19 (COVID-19)

**Q**

## ኣየናይ እዋናዊ ኮቪድ-19 (COVID-19) መሐየሊ ክታበት ክወስድ ኣለኒ?

**A**

እዋናዊ ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) መሐየሊ ክታበት ሞደርና ወይ ከዓ ፋይዘር ፡ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ከም'ቲ ኣብ መጀመርታ ዝወሰድካዮም ዓይነት ተኸታተልቲ ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) ሓደ ዝኾኑ ጥራሕ ክትወስድ ኣየድልየካን እዩ (ትሕቲ 5 ዓመት ዕድመ እንተ ዘይኴንካ)።

# እዋናዊ መሐየሊ ኮቪድ-19 (COVID-19)

**Q**

## ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ኮቪድ ሒዙኒ ኔሩ። ነቲ እዋናዊ ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) መሐየሊ መዓስ እየ ክወስዶ ዝኽእል?

**A**

ምሉእ ብምሉእ ክሳብ እትሐዊን ምልክታት ሕማም ክሳዕ ዘይብልካን ጽናሕ ።

ብዛዕባ ዝበለጸ ግዜ እዋናዊ መሐየሊ ንምውሳድ ምስ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕና ተዘራረብ ። ገለ ሰባት ድሕሪ ምሕዋዮም ክሳዕ 3 ወርሒ ክጽበዩ ይኽእሉ እዮም ።

# እዋናዊ መሐየሊ ኮቪድ-19 (COVID-19)

Q

## እቲ እዋናዊ ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) መሐየሊ ዓቐን ኣበይ ክረክብ እኽእል?

A

ሓዲሽ ናይ መበራትዒ ክታበትታት ኣብ Auburn Outlet Mall ህዝባዊ ክንክን ጥዕና ናይ ክታበት ክሊኒክ ተቐሪቡ ኣሎ (ካብ ዓርቢ ክሳብ ሰኑይ ክፉት እዩ፡ ብዘይ ቆጸራ ምምጻእ ቅቡል'ዩ)።

ወይከኣ፣ ኣብ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ፣ኣብ ክሊኒክ ፣ ወይ ከኣ ኣብ ከባብያዊ ቤት-መድሓኒት ኽትሓትት ትኽእል።

# እዋናዊ መሐየሊ ኮቪድ-19 (COVID-19)

ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) መሐየሊን ክታበትን ኩሉግዜ ብናጻ እዩ!

ዝኾነ ናይ ጥዕና መድሕን ወይኻዓ ናይ ዜግነት መረጋገጺ ኣየድልን እዩ ።

ንዝበለጸ መረዳእታ ኣብ ዝስዕብ ድሕረ ገጽ ርአ:

**kingcounty.gov/vaccine/tigrinya**

Public Health
Seattle & King County